Tigrinya

NOVA SCOTIA

# ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲን ምረቓን

**መምርሒ ንሓደሽቲ ዝመጹ ስድራቤታት**

ናይ ኖቫ ስኮሻ ናይ ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ፕሮግራም፡ ተማሃሮ ድሕሪ ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንዘሎ ህይወት ንኽዳለዉ ዝሕግዙ ሰፊሕ ዝርዝር ትምህርትታት የቕርብ።

ኣብ ኖቫ ስኮሻ ዝርከብ ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ፡-

- ካብ ክፍሊ 10፣ 11፣ ከምኡ'ውን 12 ዝወሃቡ ትምህርትታት የጠቓልል
- ክልተ ሰሚስተራት ኣለዎ—ቀዳማይ ሰሚስተር ካብ መስከረም ክሳብ ጥሪ፣ ካልኣይ ሰሚስተር ድማ ካብ ለካቲት ክሳብ ሰነ እዩ
- ብመንግስቲ ዝሸፈን ብምዃኑ ንምስታፍ ቀጥታዊ ክፍሊት የብሉን
- ክሳብ 21 ዓመት ዕድመ ንዝመልኡ ኩሎም ተማሃሮ ክፉት እዩ

ኣብ ላዕለዋይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ዝወሃቡ ትምህርትታት ኣብ ናይ ኖቫ ስኮሻ ናይ ስርዓት ትምህርቲ መርበብ ሓበሬታ ተዘርዚሮም ይርከቡ።ውልቃዊ ኣብያተ ትምህርቲ ተወሳኺ ትምህርትታት ከቕርባ ይኽእላ እየን።

## ህይወት ኣብ ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ

**ክፍልታት ከመይ ይውደቡ፡-** ተማሃሮ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ መስከረም ክሳብ ጥሪ ኣርባዕተ ትምህርትታት የጽንዑ ድሕሪኡ ድማ ካብ ለካቲት ክሳብ ሰነ ዝተፈለዩ ካልኦት ኣርባዕተ ትምህርትታት የጽንዑ።

- ነፍሲ ወከፍ ተምሃራይ ኣብ መጀመርታ ነፍሲ ወከፍ ናይ ትምህርቲ ዓመት ወይ ሰሚስተር ናይ ውልቁ ናይ ግዜ ሰሌዳ ይውሃቦ።
- ኣብያተ ትምህርቲ ነቲ መዓልቲ ብፒርየድ ዝጽውዑ ናይ ግዜ ክፋላት ይከፍላኦ። ኣብ ብዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ተማሃሮ እቲ ፒርየድ ክቕየር ከሎ ከምኡ'ውን ትምህርትታቶም ክቕየር ከሎ ካብ ሓደ ክፍሊ ናብ ካልእ ክፍሊ ይንቀሳቀሱ። ከምቲ ተማሃራይ ዝወሰዶ ብዝሒ ትምህርትታት ትምህርቲ ዘይብሉ ነጻ ክፍለ ግዜ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

**ኣቴንዳንስ፦** ኣብ ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ናይ ሓደ ትምህርቲ ነጥቢ (ክረዲት) ንምርካብ፡ ተማሃሮ እንተወሓደ ሰማንያ ካብ ሚእቲ ካብቲ ናይ ክፍለ ግዜ ክርከቡ ትጽቢት ይግበረሎም። *ንዝያዳ ሓበሬታ ነቲ ናይ ተማሃሮ ኣቴንዳንስን* ተሳትፎን ፖሊሲ ይርኣዩ።

**ተማሃራይ-ወላዲ መርበብ፦** ሓበሬታ ተማሃሮ "ፖወር ስኩል" ተባሂሉ ብዝጽዋዕ ኤሌክትሮኒካዊ ስርዓት ይመሓደር፡ እዚ ድማ ከም ናይ ክፍሊ ግዜ ሰሌዳ፣ ዕዮታት፣ ውጽኢት፣ ምብኳር፣ ርእይቶታት መምህራን፣ ከምኡ’ውን ናይ ቤት ትምህርቲ ምልክታታት ዝኣመሰሉ ሓበሬታታት ዝህብ ናይ ተማሃራይ-ወላዲ መርበብ የጠቓልል።

- ተማሃሮን ወለድን/መዕበይትን ነቲ ፖርታል ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም።
- ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት ቤት ትምህርቲ ናይ መእተዊ ስምን ምስጢራዊ ቓልን ክህቡ ይኽእሉ እዮም።
- ፖርታል ንምእታው፡ www.ednet.ns.ca/inschool/students_parents።

## ንመጻኢ ትልሚ ምውጻእ

ተማሃሮ ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ክጅምሩ ከለዉ፡ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ምርጫታት ይቐርቡሎም። ተማሃሮ ዝመርጽዎም ትምህርትታት ኣብቲ ድሕሪ ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዝህልዎም ናይ ትምህርትን ናይ ሞያን ምርጫታት ጽልዋ ክህልዎም ይኽእል እዩ።

ተማሃሮን ወለድን/መዕበይትን ነዞም ዝስዕቡ ክገብሩ ይተባብዑ፦

- ብዛዕባ ድሌታት፡ ጥንካረታት ከምኡ’ውን ዓቕምታት እቲ ተማሃራይ ብሓባር ምዝርራብ
- ምስ ኣማኻሪ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ናይ ትምህርቲ ምርጫታትን ድሕሪ ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዝህሉ ህይወትን ምዝርራብ
- ምስቲ ድሕሪ ላዕለዋይ ብርኪ ዝህሉ ትምህርቲ ወይ ናይ ስራሕ ሸቶታት ዝሰማምዑ ናይ ትምህርቲ ምርጫታት ምርምር ምግባር
- ብዛዕባ ምርጫ ትምህርቲ ኣብ ዝወሃቡ ናይ ቤት ትምህርቲ መግለጺታትን ናይ ሓበሬታ መደባትን ምክፋል
- ነቲ መደባት ኣዘውቲርካ ምምርማርን ከም ኣድላይነቱ ምትዕርራይን

**ኣማኸርቲ ቤት ትምህርቲ፦** ኣማኸርቲ ቤት ትምህርቲ ንተማሃሮ፣ ንስድራቤታትን ንኣብያተ ትምህርትን ሰፊሕ ዝርዝር ናይ ምትሕብባር ኣገልግሎት ኣብቲ ቦታ ንምሃብ ክኢላታት እዮም። ኣገልግሎቶም ንጥዕና፣ ደሓንነት፣ ከምኡ’ውን ዕብየት ተማሃሮ፣ ናይ ተማሃሮ ትምህርትን ዓወትን፣ ከምኡ’ውን ምስግጋር ህይወትን ናይ ስራሕ ውጥንን ዝድግፉ ንቑሓትን ምላሽ ዝህቡን ኣገባባት የጠቓልል።

**ማይ ብሉፕሪንት፦** እዚ ንተማሃሮ ዝጥዕም፣ ናይ ትምህርትን ናይ ሞያን/ህይወትን መደብ ሃብቲ ኮይኑ፡ ተማሃሮ ብዛዕባ ዕዳጋ ስራሕ ሓበሬታ፣ ጥንካረታቶም፣ ድሌታቶም፣ ከምኡ’ውን ናይ መጻኢ ትምህርቲን ናይ ስራሕ ጎደናታትን ንኽድህስሱ የኽእሎም። ተማሃሮ ኣብ ትምህርቶም ንምስትንታን፣ ዕብየቶም ንምርኣይ፣ ከምኡ’ውን ዓወቶም ንምክፋል ክኣትዉ ይኽእሉ እዮም። ኣባላት ስድራቤት እውን ኣብ ትምህርትን ናይ ስራሕ መደብን ተማሃራይ ንምሕጋዝ ኣካውንት ክፈጥሩ ይኽእሉ እዮም። ፍቓድ ንምሃብ፡ እቲ ተማሃራይ ካብ ኣባል ስድራቤቱ ዝመጾ ናይ ምትእስሳር ሕቶ ክጽድቕ ይኽእል።

**ናይ ኖቫ ስኮሻ ወርክስ ቤት ትምህርቲ መራኸብቲ ፣** ፣ኣብ መላእ እቲ ክፍለ ግዛት ኣብ ዝርከቡ ኣብያተ ትምህርቲ ተመዲቦም ብዛዕባ ዕዳጋ ስራሕ ሓበሬታ ይህቡ ንተማሃሮ ዕድላት የቃልሑ፡ ምስ ምድላው ሞያ ዝተኣሳሰሩ ናይ ስራሕ መደባት ንተማሃሮን ንስድራቤታትን የዳልዉን ካልእን ይገብሩ።

**ጥቓኹም ዝርከብ NSWSL ንምርካብ** Nova Scotia Works Schools Liaisons (NSWSLs) & Let's Talk Careers ተዓዘቡ።

## ንምረቓ ዘድልዩ ናይ ትምህርቲ ምርጫታት

ናይ ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ምረቓ ዲፕሎማ ዝወሃብ፡ እንተወሓደ 18 ናይ ላዕለዋይ ብርኪ መደብ ትምህርቲ ክረዲታት ብዓወት ንዝዛዘሙ ተማሃሮ እዩ። ሓደ ትምህርቲ ብዓወት ተዛዚሙ ዝበሃል፡ እቲ ተማሃራይ ኣብቲ ትምህርቲ 50% ወይ ልዕሊኡ ውጽኢት ምስ ዘምጽእ እዩ። ሓደ ትምህርቲ መብዛሕትኡ ግዜ 1 ክረዲት ዋጋ ኣለዎ።

- **እቶም ንምረቓ ዘድልዩ 18 ናይ ትምህርቲ ክረዲታት ነዞም ዝስዕቡ ከጠቓልሉ ይግባእ፦**
  - ካብ ክፍሊ 10 ዝኾኑ ካብ 7 ክረዲታት ዘይበዝሑ
  - ካብ ክፍሊ 12 ዝኾኑ እንተወሓደ 5 ክረዲታት
- **13 (ካብቶም 18 ክረዲታት) ካብ ነፍሲ ወከፍ እዞም ዝስዕቡ ዓውድታት ዝተማልኡ ክኾኑ እዮም፦**
  - 3 ናይ ቋንቋ ስነ-ጥበብ ክረዲታት (ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ክፍሊ ብርኪ 1)
  - 3 ናይ ማትማቲክስ ክረዲታት (ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ክፍሊ ብርኪ 1)
  - 3 ናይ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ክረዲታት
  - 3 ናይ ውልቃዊ ዕብየትን ሕብረተሰብን ክረዲታት
  - 1 ናይ ስነ-ጥበብ ክረዲት
- **እቶም ዝተረፉ 5 (ካብቶም 18 ክረዲታት) ካብ ናይ ምርጫ ትምህርትታት ክኾኑ እዮም፦**
  - ኣብ ናይ ኖቫ ስኮሻ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ናይ ምርጫ ትምህርትታት ይወሃቡ እዮም።
  - ኣብ ናይ ማሕበረሰብ መደብ ወይ ካልእ ናይ ደገ ንጥፈታት ዝሳተፉ ተማሃሮ፡ እቲ ንጥፈት ብፍቑድ ኣቕራቢ ዝወሃብ እንተኾይኑ ክረዲት ክረክቡ ይኽእሉ እዮም።

    ነፍሲ ወከፍ ዓመት ትምህርቲ፡ እቲ ሚኒስትሪ ትምህርትን ኣቐዲምካ ዝወሃብ ህጻናት ዕብየትን ፍቑድ ኣቕራቢን ዝርዝር ትምህርትን ይዝርጋሕ።
  - ተማሃሮ ምስ ድሌቶምን ሸቶታቶምን ንምስምማዕ ተወሳኺ ትምህርትታት (ካብቶም ንምረቓ ዘድልዩ ዓሰርተ ሸሞንተ ነጥብታት ወጻኢ) ክወስዱ ይኽእሉ እዮም።

### ናይ ቀደም ትምህርቲ፦

ተኽእሎ እንተሃልዩ፡ ቤት ትምህርቲ ካብ ቀደማይ ትምህርቲ ክንደይ ናይ ላዕለዋይ ብርኪ ነጥብታት ክወሃብ ከም ዝኽእል ንምርግጋጽ፡ ናይ ቀደም ትምህርቲ መዛግብቲ፣ ናይ ዝሓለፉ ትራንስክሪፕታት ወይ ናይ ውጽኢት ወረቐት ኣቕርቡ። እዞም ሰነዳት እዚኦም ብዝተመስከረሉ ተርጓሚ ናብ እንግሊዝኛ ወይ ፈረንሳይኛ ምትርጓሞም ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ናይ ምረቓ ጠለባት የመልኡ ምህላዎም ንምርግጋጽ፡ ተማሃሮ ንናይ ትምህርቲ ምርጫታት ንምምርማር ናብ ኣማኻሪ ቤት ትምህርቲ ንኽረኽቡ ይተባብዑ።**

**ብዛዕባ ምርጫ ትምህርትታት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ናይ ቤት ትምህርቲኹም ዌብሳይት ተዓዘቡ።**

## ካልኦት ናይ ላዕለዋይ ብርኪ ትምህርትታትን መደባትን

ተማሃሮ ናይ ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ምረቓ ዲፕሎማ ንምርካብ እናሰርሑ ከለዉ፡ ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ፍሉይ ናይ ስራሕ ጎደናታትን ድሌታትን ዘተኮሩ ትምህርትታት ወይ ናይ ምስክር ወረቐት መደባት እውን ክውድኡ ይኽእሉ እዮም። ተማሃሮ ካብዞም ዝስዕቡ ትምህርትታት ወይ መደባት ኣየኖት ንዓታቶም ከም ዝርከቡ ንምርግጋጽ ምስ ቤት ትምህርቶም ክዛረቡ ይግባእ።

### ምትሕብባራዊ ትምህርቲ፦

ምትሕብባራዊ ትምህርቲ ተማሃሮ ክእለታት ዘማዕብሉሉን ናይ ስራሕ ጎደናታት ዝድህስሱሉን ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ እዩ። ተማሃሮ ኣብ ቦታ ስራሕ ተመዲቦም ኣብ ስራሕ ተሞክሮ ይረኽቡ፡ ነቲ ቦታ ስራሕ ይርድኡ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ስርሖም ንምዕዋት ዘድልዮም ናይ ሓቀኛ ዓለም ፍልጠት፡ ክእለታትን ኣረኣእያን ይረኽቡ። ተማሃሮ ዕድሜኦም 16 ዓመት ክኾውን ይግባእ፤ ወይ ድማ 15 ዓመት እንተኾይኖም እንተወሓደ ክፍሊ 11 ጀሚሮም ክኾኑ ይግባእ። ተማሃሮ ኣብዚ ትምህርቲ ንምምዝጋብ ናብቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ኮ-ኦፕ መምህር ናይ ሕቶ ወረቐት ከቕርቡ ይግባእ።

### ላዕለዋይ ክእለት ሜጀር ሰርቲፊኬት፦

እዚ ናይ ምስክር ወረቐት መደብ፡ ተማሃሮ ምስ ናይ ስራሕ ድሌታቶም ዝተኣሳሰሩ ትምህርትታት እናወድኡን ናይ ሓቀኛ ዓለም ዕድላት እናተመኩሩን ናብ ናይ ላዕለዋይ ብርኪ ዲፕሎማኦም ዝቑጸር ነጥብታት ንኽረኽቡ የኽእሎም። ተማሃሮ ካብዞም ሓሙሽተ ምስክር ወረቐታት ሓደ ክረኽቡ ይኽእሉ፦ ስነ-ጥበብ፣ ዲጂታል ምህዞን ቴክኖሎጅን፣ ናይ ህጻናት ኣተዓባብያ ትምህርቲ፣ ጥዕናን ደሓንነትን፣ ከምኡ'ውን ሞያዊ ስራሓት።

### ምርጫታትን ዕድላትን፦

እዚ ተማሃሮ ኣብ ማሕበረሰብን ኣብ ቦታ ስራሕን ዝተፈላለዩ ተሞክሮታት ዘቕርብ ናይ ሰለስተ ዓመት መደብ እዩ። እቲ መደብ ናይ ስራሕ ዑደታት፣ ጋሻ ተዛረብቲ፣ ናይ ኣገልግሎት ትምህርቲ፣ ኣብ ማሕበረሰብ ዝተመርኮሱ ፕሮጀክትታት፣ ናይ ምኽሪ ደገፍ፣ ከምኡ'ውን ብዙሓት ነጥብታት ኣብ ምትሕብባራዊ ትምህርቲ የጠቓልል። ብሰንኪ እዚ፡ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ምስ ናይ ስራሕ መስመር ከላግቡን ድሕሪ ላዕለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ እንታይ ክገብሩ ከም ዝደልዩ ዝያዳ ዝተረድአ ውሳነ ክውስኑ ይኽእሉ።

- **ኣብዚ መደብ ዝግደሱ ተማሃሮ ኣብ ክፍሊ ትሽዓተ ክሓትቱ ይግባእ።** ኣብ ነፍሲ ወከፍ እዚ መደብ ዝወሃበሉ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዓመት ዕስራ ቦታታት ጥራይ እዩ ዘሎ።

### ሞያዊ ስራሓት፦

ናይ ሞያዊ ስራሓት ትምህርትታት ነቲ ኣብ ኢንዱስትሪ ዝጥቀሙሉ ቦታ ስራሕ፡ መሳርሒታት፡ ኣቑሑት፡ ከምኡ'ውን ኣገባባት ዝቐድሑ እዮም። ተማሃሮ ብውሑስን ምስ ጉዳዮም ብዝተኣሳሰርን መንገዲ ብተግባር ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ተማሃሮ ነቲ ኣብ ሞያዊ ስራሕ ምስ ዝተኣሳሰሩ ሞያታት ዘሎ ቀጻሊ ጠለባት ህይወት፡ ስራሕን ትምህርትን ንምምላእ ዘድልዮም ኣረኣእያታት፡ ክእለታትን ፍልጠትን የማዕብሉ። ብዝተመስከረሉ ሰራሕተኛ ዝመሃሩ ወይ ድማ ኣብ ኮ-ኦፕ ቦታ ብዝተመስከረሉ ሰራሕተኛ ዝከታተሉ ተማሃሮ፡ ናብ ናይ ሞያ ምስክር ወረቐት ዝሕሰቡ ሰዓታት ንምርካብ ብቑዓት እዮም።

### ናይ መንእሰያት ልምምድ ሞያ፦

ኣብ ኖቫ ስኮሻ፡ ሓደ መንእሰይ ዕድሜኡ ካብ 16 ክሳብ 19 እንተኾይኑን ኣብ ሓደ ካብቶም ናይ ኖቫ ስኮሻ ዝተሰየሙ ሞያታት ክፋል ግዜ ወይ ምሉእ ግዜ ዝሰርሕ እንተኾይኑ፡ ከም ናይ መንእሰይ ተመሃራይ ሞያ ክምዝገብ ይኽእል እዩ። ንምምዝጋብ ዝኽፈል ክፍሊት የልቦን። ተመሃሮ ሞያ መንእሰያት እናተማህሩ ይክፈሎም እዩ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሞያዊ ስራሕ ቅድሚ ሰብ ይጅምሩ።

ናይ መንእሰያት ልምምድ ሞያ ንተማሃሮ ኣብቲ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ ስርዓተ ትምህርቲ እናጸንሑ ሞያ ናይ ምምሃር ተግባራዊ ተሞክሮ ንኽረኽቡ ዕድል ይህቦም። ኣብ ዝተሰየመ ሞያዊ ስራሕ ብቑጽጽር ዝተመስከረሉ ሰራሕተኛ ዝሰርሑ መንእሰያት፡ ናብ ናይ ሞያ ምስክር ወረቐት ዝሕሰቡ ሰዓታት ክእክቡ ይኽእሉ እዮም።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብቲ ዌብሳይት ይኪዱ ።

### ናይ ፈረንሳይኛ ቋንቋ መደባት፦

ኣብ ናይ እንግሊዝኛ ኣብያተ ትምህርቲ ዝመሃሩ ተማሃሮ ነቶም ዘድልዩ ትምህርትታት ብዓወት ምስ ዛዘሙ ነዞም ዝስዕቡ ናይ ምስክር ወረቐታት ክረኽቡ ይኽእሉ፦

- ናይ ፈረንሳይኛ ምጥሓል ምስክር ወረቐት
- ውዱጅ ፈረንሳይኛ ምስክር ወረቐት

### ዓለምለኻዊ ባካሎርያ፦

እቲ ዓለምለኻዊ ባካሎርያ ዲፕሎማ ፕሮግራም ኣብ መላእ ዓለም ኣብ 156 ሃገራት ኣብ ክፍሊ 11ን 12ን ዝወሃብ ብዓለም ደረጃ ዝፍለጥ ኩለመዳያዊ ናይ ትምህርቲ መደብ እዩ። ሕጂ ኣብ ኖቫ ስኮሻ 13 ናይ ዓለምለኻዊ ባካሎርያ ዲፕሎማ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። ኣብ ቤት ትምህርቲኹም ዓለምለኻዊ ባካሎርያ እንተሃልዩ ንምርግጋጽ ምስ ኣማኻሪ ቤት ትምህርቲ ተራኸቡ።

እቲ ናይ ዓለምለኻዊ ባካሎርያ መደብ ኣብ መላእ ዓለም ብዩኒቨርሲቲታት ተፈላጥነትን ክብረን ዘለዎ ኮይኑ፡ ተማሃሮ ንናይ ዓለምለኻዊ ባካሎርያ ትምህርትታት ናይ ዩኒቨርሲቲ ክረዲት ክረክቡ ይኽእሉ እዮም።

## ዝተዘርግሐ ትምህርቲ (ኦንላይን ትምህርቲ) ፦

ኣብ ክፍሊ 10 ክሳብ 12 ዝርከቡ ተማሃሮ፡ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ቤት ትምህርቲ ዘይወሃብ ወይ ምስ ናይ ግዜ ሰሌዳኦም ዘይሰማማዕ ናይ ላዕለዋይ ብርኪ ትምህርቲ ክወስዱ ዝደልዩ፡ ብኦንላይን ዝተዘርግሐ ትምህርቲ መደብ ኣቢሎም ትምህርቲ ክወስዱ ይኽእሉ እዮም።

- ዝተዘርግሐ ትምህርቲ መደባት ኣብ ናይ ህዝቢ ኣብያተ ትምህርቲ ንዝተመዝገቡ ተማሃሮ ብነጻ እዩ።
- ተማሃሮ ልክዕ ከምቲ ብኣካል ዝወሃብ ትምህርትታት ተመሳሳሊ ደረጃ ይሕዙ።
- እዚ መንገዲ እዚ ንቴክኖሎጅን ኦንላይን ትምህርትን ዝለምዱን ንርእሶም ክመርሑ ዝኽእሉን ተማሃሮ ዝበለጸ እዩ።

### ኖቫ ስኮሻ ቨርችዋል ቤት ትምህርቲ፦

ናይ ኖቫ ስኮሻ ቨርችዋል ትምህርትታት ብናይ ኖቫ ስኮሻ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ መምህራን ኣብ ግዜ ትምህርቲ ይወሃቡ። ተማሃሮ ኣብቲ መዓልታዊ ናይ ክፍሊ ግዜ ሰሌዳኦም ኣብዞም ናይ ኦንላይን ትምህርትታት ንምስራሕን ምስቲ ናይ ቨርችዋል መምህሮምን መማህርቶምን ብኦንላይን ኣብ ቤት ትምህርቲ እናሃለዉ ንምርኻብ ቦታ ክህልዎም ይግባእ።

### ናጻ ናይ ኖቫ ስኮሻ ኦንላይን ትምህርቲ፡-

ኣብ ኖቫ ስኮሻ ኦንላይን ትምህርትታት ዝመሃሩ ተማሃሮ ብውልቆም ብኦንላይን ብናይ ባዕሎም ፍጥነት የጽንዑ። ፍቓድ ዘለዎ መምህር ዝኾነ ናይ ትምህርቲ መተባብዒ፡ ምስ ተማሃሮ ብኦንላይን፡ ምሸት ወይ ቀዳም ሰንበት፡ ኣብ ግዜ እቲ ትምህርቲ ካብ 8 ክሳብ 10 ግዜ ይራኸብ። እቲ መተባብዒ ንተማሃሮ ናይ መጽናዕቲ ግዜ ሰሌዳኦም ክልምዱ ይሕግዞምን ኣብቲ ትምህርቲ ይመርሖምን እምበር ኣይመምህርን ወይ ኣየጽንዕን እዩ። ተማሃሮ ሓደ ናይ 1-ክረዲት ትምህርቲ ንምዝዛም ክሳብ 18 ኣዋርሕ፡ ናይ 2-ክረዲት ትምህርቲ ንምዝዛም ክሳብ 24 ኣዋርሕ፡ ከምኡ'ውን ሓደ ሞጁል ንምዝዛም ክሳብ 6 ኣዋርሕ ግዜ ኣለዎም። እቲ ኖቫ ስኮሻ ኦንላይን ዌብሳይት ዝርዝር ናይ ሕጂን ዝመጹን ትምህርትታት ሓዊሱ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣለዎ።

ተማሃሮ ሓደ ናይ 1-ክረዲት ትምህርቲ ንምዝዛም ክሳብ 18 ኣዋርሕ፡ ናይ 2-ክረዲት ትምህርቲ ንምዝዛም ክሳብ 24 ኣዋርሕ፡ ከምኡ'ውን ሓደ ሞጁል ንምዝዛም ክሳብ 6 ኣዋርሕ ግዜ ኣለዎም። እቲ ኖቫ ስኮሻ ኦንላይን ዌብሳይት ዝርዝር ናይ ሕጂን ዝመጹን ትምህርትታት ሓዊሱ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣለዎ።

- ናይ ኖቫ ስኮሻ ቨርቸዋል ቤት ትምህርቲን ትምህርትታት ንእንግሊዝኛን ፈረንሳይኛ ምጥሓል መደባትን ኣብ ዝኾነ ዘበዋ ማእከል ትምህርቲ ይርከቡ እዮም።
- ናይ ኖቫ ስኮሻ ኦንላይን ትምህርትታት ብፈረንሳይኛ ንተማሃሮ ኮንሰይል ስኮላር ኣካዲየን ኣውራጃዊ (CSAP)ይርከቡ።
- ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብቲ ዌብሳይት ኪዱ ወይ ድማ ምስ ኣማኻሪ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ዝተዘርገሐ ትምህርቲ ንዓኹም ዝሰማማዕ እንተኾይኑ ተዘራረቡ። ተማሃሮ ኣብቲ ኣብ ቤት ትምህርቶም ዝካየድ ናይ ትምህርቲ ምርጫ መስርሕ ንናይ ኦንላይን ትምህርትታት ክምዝገቡ ይኽእሉ እዮም።

## ናይ ክፍለ ግዜ ፈተናታት

ኖቫ ስኮሻ ኣብዞም ዝስዕቡ ትምህርትታት ናይ ክፍለ ግዛት ፈተናታት ተዳልዉ፡-

- እንግሊዝኛ ዓሰርተ
- ማትማቲክስ ዓሰርተ
- ፈረንሳይኛ ዓሰርተ
- ሒሳብ ዓሰርተ

ናይ ክፍለ ግዛት ፈተናታት 20% ናይቲ ናይ መወዳእታ ናይ ትምህርቲ ውጽኢት ይሕዙ።

- ኣብዞም ትምህርትታት ዝተመዝገቡ ተማሃሮ ነቲ ዝሰማማዕ ናይ ክፍለ ግዛት ፈተና ይጽሕፉ።
- ኣብ እንግሊዝኛ10, ፈረንሳይኛ 10, ወይ ማትማቲክስ 10 ውልቃዊ ናይ መደብ ፕላን ዘለዎም ተማሃሮ ነዞም ናይ **ክፍለ ግዛት ፈተናታት ኣይጽሕፉን እዮም።**
- እንግሊዝኛ ወይ **ፈረንሳይኛ ከም ተወሳኺ ቋንቋ ዝመሃሩ ተማሃሮ ነዞም** ፈተናታት ንኽጽሕፉ ኣይድለዩን ይኾኑ። እቲ ርእሰ መምህር ምስ መምህራን ወለዲ/መዕበይትን እቲ ተማሃራይን ብምምኻር፡ ብመሰረት እቲ ተማሃራይ ዘለዎ ናይ ቋንቋ ክእለት ኣየኖት ፈተናታት ከም ዘድልዩ ይውስን።
- ተወሳኺ ቋንቋ ዝመሃሩ ተማሃሮ ኤሌክትሮኒካዊ ተርጓሚ ከምኡ'ውን/ወይ ክልተ **ቋንቋዊ መዝገበ ቃላት ክጥቀሙ ይፍቀደሎም እዩ**። ከምኡ'ውን እንተድኣ ኣድልዩ ተወሳኺ ግዜ ይወሃቦም እዩ።

እቲ *ገምጋም ተምሃሮ* ዝብል ክፋል ናይቲ ክፍሊ ትምህርትን ምዕባለ ቅድመ ቁልዕነትን ዌብሳይት ብዛዕባ ናይ ኖቫ ስኮሻ ፈተናታት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣለዎ።

# ናይ ርክብ ሓበሬታ

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ምስ ዞባዊ ማእከል ትምህርቲኹም ተራኸቡ።

- **ኣናፖሊስ ቫሊ ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ**
- **ኬፕ ብሬቶን-ቪክቶርያ ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ**
- **ቺግነክቶ-ሴንትራል ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ**
- **ኮንሰይል ስኮላር ኣካድያን ፕሮቪንሻል**
- **ሃሊፋክስ ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ**
- **ሳውዝ ሾር ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ**
- **ስትሬይት ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ**
- **ትራይ-ካውንቲ ዞባዊ ማእከል ትምህርቲ**
- **"ስኩልስ ፕላስ" ብዙሓት ኣገልግሎታትን ደገፍን ዘምጽእ ኮይኑ፡ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ኖቫ ስኮሻ ይርከብ።**

ኣብ ማሕበረሰብኩም ደገፍ ንምርካብ፡ ነዞም ዝስዕቡ ተራኸቡ፦

- **ዋይ ኤም ሲ ኤ ናይ ቤት ትምህርቲ ምስፋር** – ኣብ መላእ ክፍለ ግዛት ይርከብ
- **ዋይ ሪች** – ካብ ሃሊፋክስ ወጻኢ ይርከብ
- **ኢሚግሬሽን ፍራንኮፎን** – ብናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛ ኣቢሉ ይርከብ